## ናይ ፖሊስ ዕማም

ሓደ ሰብ ክልኩል ዝኾነ ሓሺሽ ሒዙ ከም ዘሎ እንተ ተፈሊጡ ፖሊስ ኩሉ ግዜ ነዚ ነገር እዚ ከጻርዮ ኣሎዎ። ስጋብ ክንደይ ንእሽቶይ ምኳኑ ኣየገድስን ኢዩ።

- ንግዲ፣ ምጥቃም ወይ ድማ ምሓዝ ኣብ ኩሉ ቦታ ክልኩል ኢዩ።
- ኩሉ ግዜ መቕጻዕቲ ኣሎ።
- ኣብ ክሲ ዘብጽሕ ምጥሓስ ሕጊ ኣብቲ መንበሪ ፍቓድ ጽልዋ ኣለዎ።

## ናይ ምግዛእ/ምሻጥ/ንግድን መቕጻዕቲ

- ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ
- ማእሰርቲ
- ገንዘብ ንምርካብ ተባሂሉ ዝግበር ንግዲ ናይ ሓሺሽ እንተወሓደ የእስር።
- እቲ ግዴታዊ ዝኾነ መንበሪ እውን ክጽንክር ይኽእል ኢዩ።
- ኣብ ክሲ ዘብጽሕ ምጥሓስ ሕጊ ኣብቲ መንበሪ ፍቓድ ጽልዋ ኣለዎን ነቲ ናይ ዕቑባ መስርሕ እውን ኣብ ሓደጋ ከእትዎ ይኽእል።

## ሓገዝ

ነቲ ኩሉ ዘሎኩም ሻቕሎት ሒዝኩም ናብዞም ዝስዕቡ ናይ ምኽሪ ማእከላት ክትመጹ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ነገር ምስጢራውነት ዝሓለወ ኢዩ። ድላይኩም እንተ ዘይኮይኑ፣ ንዝኾነ ሰብ ብዛዕብኡ ክትዛረብዎ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

- ናይ ድረስደን ማሕበር ካሪታስ e.V. (ዝተጠርነፈ ማሕበር)።
  www.caritas-suchtberatung-dresden.de
- ናይ ማሕበራዊ ድሕነት ውድብ - ናይ ከተማ ድረስደን ሚስዮን e. V.
  www.diakonie-dresden.de
- SZL ናይ ወልፊ ማእከል gGmbH
  www.suchtzentrum.de/horizont
- GESOP gGmbH
  www.gesop-dd.de
- ኣብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ሓገዝ ዝርከብ ናይ ሞባይል ወልፊ ኣገልግሎት
  www.dresden.de/mobiler-suchtdienst
- ናይ መንእሰያት ናይ ሓሺሽ ምኽሪ ማእከል ኣብ ቤት ጽሕፈት ጥዕና ዘሎ
  www.dresden.de/drogenberatung
- ምሕጋዝን ምኽልኻልን ውጥን ናይ ኮተቴ ፍርዲ ቤት ሓገዝ ንትሕቲ 21 ዝዕድሚኦም ኮይኖም ምስ ሓሺሽ ዝተሓሓዝ ገበን ዘለዎም
  www.dresden.de/jugendgerichtshilfe

de en ar ps fa ti


ሕታም

ኣሰናዳኢት:
ናይ ዞባ ርእሲ ከተማ ድረስደን

ቤት ጽሕፈት ጥዕና ምውህሃድ ወልፊ /ምክልኻል ወልፊ
ተለፎን: (03 51) 4 88 53 58
ፋክስ (03 51) 4 88 53 03
ኢ-መይል suchtbeauftragte@dresden.de

ናይ ዜናን ህዝባዊ ርክባትን ቤት ጽሕፈት
ተለፎን: (03 51) 4 88 23 90
ፋክስ: (03 51) 4 88 22 38
ኢ-መይል presse@dresden.de

ቁ.ሳ.ፖስታ 12 00 20
01001 ድረስደን
www.dresden.de
facebook.com/stadt.dresden

ናይ ህዝባዊ በዓል መዚ ማእከል ቁጽሪ 115 -ሕቶታት ንፈቱ ኢና

ናይ ምስንዳእ ሰራሕተኛታት: “Highline” ኮለጅያዊ ፕሮጀክት ናይ ዩኒቨርሲቲ መርሰበርግ፣ ዶ/ር ክሪስቲን ፈረሰ፣ ኣንጃ ማትዝ፣ ፍራንክ ቦር
ንድፊ: ቤት ጽሕፈት ጥዕና

ናይ ስእሊ ሰራሒ: thenounproject.com (CCBY) | ኣንቶን ኮቫለቭ፣ ሻሻንክ ሲንግ፣ ኦሊቨር ጎምዝ፣ ሞምስ፣ ማይክ ዙይድጊስት፣ ጁራጅ ሰድላክ፣ ሰለስተ ሽዱሽተ ሓሙሽተ፣ ግረግ ኦሪ፣ ኣኒከንን ኣንድርያስን ዉድካተር ፎንት (ፖሊስን ሓሺሽን)

1ይሕታም፡ነሓሰ 2018
ትርጉም፡ጥቅምቲ 2018
ኣርእስቲጀርመን: Drogen in Deutschland

እዚ ስጉምቲ እዚ በቶም ወከልቲ ናይ ክልል ሳክሶን ፓርላማ ዝሃብዎ ውሳኔ ናይ ፍስካዊ ሕሳብ መሰረት ብምግባር በቲ ናይ ቀረጽ ዕዳ ተደጊፉ ኢዩ ተመዊሉ።

ብመልክዕ ቅጥዒ ክስደድ ይኽእል ኢዩ። ብተወሳኺ፣ ናብቲ ናብ ርእሲ ከተማ ክልል ድረስደን እቲ S/MIME-ምስክር ወረቀት ዝሓዘ ወይ ድማ ብመገዲ DE-Mail ስቱር ኢመይ ክስደድ ይከኣል ኢዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ታሕቲ ክርከብ ይኽእል www.dresden.de/kontakt.
እዚ ሓበሬታ ኣካል ናይቲ ናይ ህዝባዊ ርክባት ናይ ክልል ርእሲ ከተማ ድረሰን ስራሕ ኢዩ።
ንዝኾነ ናይ ምርጫ መወዓውዒ ከገልግል የብሉን።
እንተኾነ ግን፣ ሰልፍታት ነቶም ናተን ኣባላት ሓበሬታ ንምሃብ ክጥቀማሉ ይኽእላን ኢየን።


www.dresden.de/sucht



Dresden.

# መድሃኒት ኣብ ጀርመን

## ሓበሬታ ብዛዕባ ምጥቃም ሕጋውን ዘይሕጋውን መድሃኒት

# መድሃኒት ኣብ ጀርመን

## ናይ ስቕታ መሰል

- ፖሊስ ብዛዕባ ምሓዝ ሓሽሽ እንተ ሓቲቱካ፣ መንነትካ ብዘሎካ ሰነድ ሓብር (ንኣብነት ናይ ምእታው መረጋገጺ፣ ጹረት፣ ፍቓድ)
- ፖሊስ ክወስዱኻን ካብ ሓደ ክሳብ ክልተ መዓልታት ድማ ክኣስሩኻን ይኽእሉ።
- ኣብ ዝኾነ እዋን ናትካ ጠበቓ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

## ናይ ጀርመን ሕጊ

ምስ መድሃኒት ዘሎ ዝምድና ዝቆጻጸርዎ:

- ኣብ ናይ ናርኮቲኮ ኣዋጅ (BtMG),
- ኣብ መቕጻዕታዊ ሕጊ (StGB) እውን
- ኣብ ናይ መንእሰያት ሓለዋ ኣዋጅ (JuSchG)

ብመሰረት ናይ ጀርመን ሕጊ:

- ምስቓይ ብጽኑዕ ዝተኸልከለ ኢዩ፣
- ዝኾነ ናይ ሞት መቕጻዕቲ የለን፣
- ኣንጻር ድላይካ ዝኾነ ዓይነት መድሃኒት ክትወስድ ኣይክትግደድን ኢኻ
- ኣብ ግዜ ፍወሳ እንተዘይተቐይድካ፣ ግን ዝኣክል ቀረብ እንተተገይሩልካ

## ኣዋጅ ናርኮቲካ (BtMG)

- መዳኒታት (ንኣብነት ካናቢስ፣ ኦፕዩም፣ ሄሮይን፣ ኮኬይን፣ ጫት፣ ክሪስታል) ክልኩላት ኢዮም ኣብ ዝኾነ ድኳን ድማ ክግዝኡ ኣይክእሉን ኢዮም።
- ናይ ፍወሳ መድሃኒታት (ንኣብነት፣ ትራማዶልን ቲሊዲንን፣ ቤንዞድያዘፒን፣ ሊሪካ) ብሓኪም ጥራይ ኢዮም ክእዘዙ ዘለዎም።
- ክልኩላት መድሃኒታትን ዝተጠቕሱ ዓይነት ናይ ፍወሳ መድሃኒታትን ካብ ደገ ክኣትዉ ወይ ክሸየጡ ኣይፍቀድን።
- ዝኾነ ካብ ድኳን ክትገዝኦ ትኽእል ነገር ፍቑድ ኢዩ፣ ንኣብነት ኣልኮል፣ ትንባኾን ካልኦት መድሃኒታትን።
- ንኣዝዩ ብርቱዕ ዝኾነ ኣልኮልን ትንባኾን፣ ወዲ 18 ዓመት ክትከውን ኣሎካ። እቲ ዕድመ ኣግ ግዜ ምዕዳግ ኢዩ ዝረጋገጽ።

| | ትንባኾ | ኣልኮል | ካናቢስ | ኦፕያቶ | ኣምፈታሚን |
|---|---|---|---|---|---|
| ኣብነታት | ሽጋራ፣<br>ኤለክትሮኒካዊ-<br>ሽጋራ፣ ሲጋር፣ ሺሻ፣<br>ዝሕየኽ ትንባኾ | ወይኒ፣ ቢራ፣ ጋዝ<br>ዘሎዎ ወይኒ፣<br>ሽናፕስ፣ ዝተሓዋወሰ<br>መስተን | ማሪዋና፣ ዊድ፣<br>ሓሽሽ፣ ሳዕሪ፣ ጋንጃ፣<br>ሓሺሽ፣ ሓሽ፣ ሺት፣<br>ዶፕ፣ ሓሽ ዘይቲ | ኦፕዩም፣<br>ሞርፊን፣<br>ሀሮይን፣<br>ዳይሞርፊን | ክሪስታል፣ ስፒድ፣<br>ኤክስታሲ፣ ኮኬይን |
| ምውናንን ምጥቃምን<br><br>ምውናን: ኩሉ ናትካ ዘሎካ ድሉው ዝኾነ ነገር<br><br>ምጥቃም: ዝኾነ ምጥቃም ናይ መድሃኒት፣ ምብላዕ ይኹን፣ ምስታይ፣ ምትካኽ፣ ብኣፍንጫ ምስሓብ ወይ ድማ ብስሪንጋ ምውሳድ | ፍቑድ ዕድመ<br>ካብ 18 ዓመት | ወይኒ፣ ቢራ፣ ጋዝ<br>ዘሎዎ ወይኒን ካብ 16<br>ዕደም ዘልዎም ንላዕሊ<br>ይፍቐድ<br><br>ኩሉ ካልእ ኣብ<br>ሱፐር ማርኬት<br>ክትገዝኦ ትኽእል<br>ዓይነት ናይ ኣልኮል<br>ካብ 18 ዕድመ<br>ንላዕሊ<br>ኢዩ ዝፍቐድ | ዜኽስስ<br>ብሓኪም ከም<br>መድሃኒት<br>እንተ ዘይተኣዚዙልካ | ዜኽስስ<br>ብሓኪም ከም<br>መድሃኒት<br>እንተ ዘይተኣዚዙልካ | ዜኽስስ |
| ምዕዳግን ምሻጥን<br><br>ምዕዳግ: ዝኾነ ጥረ ነገር ወይ ድማ ኣገልግሎት ብገንዘብ ምግዛእ<br><br>ምሻጥ: ንኻልእ ሰብ ዝኾነ ጥረ ነገር ወይ ድማ ኣገልግሎት ንገንዘብ ኢልካ ምሃብ<br><br>ስምምዕ:<br>ስምምዕ: ገንዘብ ንምርካብ ዝግበር ምሻጥ ን/ወይ ምግዛእ ናይ ጥረ ነገር | ካብ 18 ዕድመ ንላዕሉ<br>ኣብ ድኳን ይገዝእ<br>(ንኣብነት፣<br>ትንባኾ፣ ሺሻ<br>ትንባኾ፣ ዝሕየኽን<br>ዝሽተትን ትንባኾ፣<br>ሲጋር፣ ሽጋራ፣<br>ኤለክትሮኒካዊ-ሽጋራን<br>ናይ ፒፓ ትንባኾን) | ወይኒ፣ ቢራ፣ ጋዝ<br>ዘሎዎ ወይኒን ካብ 16<br>ዕደም ዘልዎም ንላዕሊ<br>ይፍቐድ<br>ኩሉ ካልእ ኣብ<br>ሱፐር ማርኬት<br>ክትገዝኦ ትኽእል<br>ዓይነት ናይ ኣልኮል<br>ካብ 18 ዕድመ<br>ንላዕሊ<br>ኢዩ ዝፍቐድ | ዜኽስስ | ዜኽስስ | ዜኽስስ |